# ውድብ ህወሓት ጊዚያዊ ቤት ምኽሪ ኣጣይሹ

ረብሓ ህዝቢ ትግራይ ዝረጋገፅ ብሰላማዊ ቃልስን ልዝብን እምበር ብኲናትን ወረ ኲናትን ኣይኮነን ኢሉ ዝኣምን ብጌታቸው ረዳ ዝምራሕ ማእኸላይ ኮሚቴ ህወሓት ክሳብ ቀፃሊ ስሩዕ መበል 14 ጉባኢኡ ዘካይድ ዝመርሕ ግዝያዊ ቤት ምኽሪ ኣጣይሹ። ኣባላት ቤት ምኽሪ ኲሎም ምስ ጉጅለ ድሕረትን ገበንን ኣይንሰለፍን ዝበሉ ኣባላት ማእኸላይ ኮሚቴን መተሓባበርቲ ኲለን ዞባታት፣ ክልል ስታፍ፣ ትእምትን ዩኒቨርስታት ትግራይን ዝሓወሰ እዩ። እቲ ቤት ምኽሪ ብግዝያዊነት ዝመርሑ ኣቦ ወንበርን ምክትልን ዝሰየመ እንትኾን ካብ መንጉኡ ሽውዓተ ኣባላት ዘለውዎ ግዝያዊ መተሓባበሪ ኮሚቴ'ውን ኣጣይሹ እዩ። እቲ መተሓባባሪ ኮሚቴ'ውን ኣቦመንበርን ምክትልን ዝተሰየመሉ እንትኾን ኣባላት ዝከታተሉ ዘርፍታት'ውን ተነፂሩ እዩ። ብተወሳኺ ብዞባ ኣቦመንበራት ዝምራሕ ናይ ዞባ ኮሚቴታን ነቲ እዋናዊ ቓልሲ ዘሳልጥ ፉሉያት ውዳበታት ውን ክጣየሻ ተወሲኑ። ኣብ ወረዳታትን ጣብያታት'ውን ብተመሳሳሊ ክፍፀም ኣንፈት ዝተቐመጠ እንትኾን ናይ 3 ወርሒ መደባት ኣፅዲቑ እዩ።

እቲ ቤት ምኽሪ ኣብ ዘሳለጦ ፈላማይ ኣኼብኡ ጉጅለ ድሕረትን ገበንን ምስ ተሓባበርቱ ዝገብሮ ዘሎ ጉሕለትን ዘይሕጋዊን ሙብረሳይ ዝኾነ ዕደና ማዕድናትን ኣትሪሩ ከም ዝቃለሶን ስርዓት ከም ዘትሕዞን ዝወሰነ እንትኾን፤ ካብ ስልጣን ወፃኢ ክነብር ዘይኽእል ጉጅለ ድሕረትን ገበንን ህዝቢ ትግራይ ናብ ዳግም ኲናትን ፅንተትን ከእትዎ ምስ ገለ ኣባላት ፅንተትን ብምትሕብባር ዝገብሮ ዘሎ ምድላው ኲናት ኣብ ዝሓፀረ እዋን እዋን ደው እንተዘየቢሉ ብኲሉ ዓይነት መንገዲ ከም ዝቃለሶን ወሲኑ ኣሎ። ካብዚ ብተወሳኺ ሓድነት ህዝብና ንምዝራግ ብመንደርን ሰፈርን ክኽፋፍል ዝገብሮ ዘሎ ምንቅስቃስ ብሓባር ምስ ህዝብና ብሙኻን ጠጠው ክብልን፣ ካብ ዘይሕጋዊ ዝውውር ሰብ ጠጠው ክብልን ልዕልና ሕጊ ኣብ መላእ ትግራይ ክረጋገፅን ከምዝቃለስ፣ ተመዛበልቲ ወገናትና ኣብ ዝሓፀረ ግዜ ንምምላስን፣ ሉኣላዊ ግዝኣትና ንምምላስ ምስ ፈራማይ ውዕል ፕሪቶርያ ዝኾነ ፌደራል መንግስትን፣ ተሓባበርቲ ኣካላትን ብምኽኣን ተሪር ሰላማዊ ቃልሲ ከም ዘካይድ ወሲኑ ኣሎ።

ኣብ መወዳእታ መላእ ህዝብና፣ ኣባላት ህወሓት፣ ሓይልታት ፀጥታ ትግራይ፣ ዓበይቲዓዲ፣ ኹላ ኽፋል ማህበረሰብ ብፍላይ መናእሰይ፣ ፓለቲካ ፓርትታትን ዲያስፖራን ኣብ እነካይዶ ሰላማዊ ፖለቲካዊ ቃልሲ ኣብ ጎንና ብምስላፍ ረብሓን ባህግን ህዝቢ ትግራይ ከም እነረጋግፅ ክንገልፅ ንፈቱ።

ክብርን ሞገስን ንስውኣትና!
ህዝቢ ትግራይ ይስዕር!

4 ታሕሳስ 2017